# ናይ ኣመሪካ ኣገልግሎት ቪዛ ኣብ ኤርትራ ተወንዚፉ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
29.11.2006

ኣመሪካ፡ ክሳዕ'ቲ ሓድሽ ቆንስል ኣመሪካ ናብ ኤርትራ ክኣቱ ዝፍቀደሉ፡ ኣብ ኤርትራ ክትገብሮ ዝጸንሐት ናይ ቪዛ ኣገልግሎት ንግዚኡ ደው ከተብሎ ወሲና ከምዘላ ኣፍሊጣ።

ኣብ ኤርትራ ከገልግል ዝጸንሐ ቆንስል ኣብ መጀመርያ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ታሕሳስ ናብ ሃገሩ ክምለስ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ዝምድና ኣመሪካን ኤርትራን እናተበላሸወ ስለዝኸደ፡ ንዕኡ ክትክእ ዝተመደበ ሓድሽ ቆንስል ናብ ኤርትራ መእተዊ ፍቓድ ክረክብ ኣይከኣለን ዘሎ። ሚስተር ካሮል ሀረራ፡ ናይ ኤምባሲ ኣመሪካ ቃል ውሃቢ፡ "ኣብ ናይ ቪዛ ኣገልግሎት ዝሰርሕ ሰብ እንተዘይብልና፡ ናይ ቪዛ ኣገልግሎት ክንህብ ኣይንኽእልን ኢና" ኢሉ።

ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ንምብራህ ንሰበ-ስልጣን ኤርትራ ንምሕታት ዝተገብረ ፈተነ ኣይተዓወተን። "ኣብ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ ዝውሃብ ዝነበረ ናይ ቪዛ ኣገልግሎት ካብ 4 ታሕሳስ 2006 ኣትሒዙ ደው ክብል'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ሓድሽ ቆንስል ናይ መእተዊ ቪዛ ፍቓድ እንተሂባቶ ግን፡ እቲ ኣገልግሎት ክቕጽል'ዩ" ይብል ካብ ኤምባሲ ኣመሪካ ዝወጸ መግለጺ።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን፡ ኣመሪካ ንኤርትራ ኣጽዋር ናብ ሶማልያ ትልእኽ ኣላ ኢላ ካብ ዝኸሰሰትሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ዝምድና ኤርትራን ኣመሪካን እናተበላሸወ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኤርትራ፡ ነዚ ክሲ'ዚ ኣይተቐበለቶን፤ ብኣንጻሩ፡ ኣብ'ቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ 1998-2000 ዝተኻየደ 70,000 ዝኾኑ ዜጋታት ክልቲኡ ሃገራት ዘህለቐ ናይ ዶብ ጉንጺ፡ ኣመሪካ ናብ ኢትዮጵያ ኣቫርያ እናበለት'ያ ክትከስስ ትስማዕ።

ኢትዮጵያ፡ ነቲ ኣንጻር እስላማዊ ኣብያተ-ፍርዲ ዝኾነ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል'ያ ትድግፍ። ስለዚ'ያ "ኢትዮጵያ ንሶማልያ ንኽትወርር ባይታ'ያ ትምድምድ ኣላ" ክትብል ኤርትራ ንኣመሪካ ትኸስስ ኣላ ክብል ሮይተርስ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ጸብጺቡ።.